# [ሰብ ዶ የለይ?]()

ብኣፅብሃ ሓዱሽ

ስብ ዶ የለይ በለ ኪሮስ ኣለማዮ
ሰማዒ ሲኢኑ እንተበለ ወዮ።

ገሪሙና ኣሎ ናይ ከባቢና ነገር
ሰብ ዶ ከም እንሰሳ ተሓፂሩ ይነብር
ኣይ ሰላም ኣይ ኩናት ተፋጥጥካ ናብራ
ኣብ ርእሲዞይ ሓሶት ምስ ፈኸራ
ዘይተገብረ ተገይሩ ኢልካ ጃህራ
ሓቂ እንተ ኾይኑ ትመስክር እንጀራ።

<u>ሰብ ዶ የለይ</u> ይኾነና ዝብል
ሰላም ክትነግስ ዓዲ ክትምዕብል
አረ እንታይ እዩ ጉዱ
ዘይነድድ ዕንጨይቲ ተኣጉዱ
ዶብ እናበልካ ንኻልእ ሽጣራ
ኣይጠቕሞን እዩ ንህዝቢ ኤርትራ
ኣይጠቕሞን  ንህዝቢ ኢትዮጵያ
ኵናት መዓዝ ኮይኑ ሞያ

<u>ሰብ ዶ የለይ</u> ዝብል ተፋቐሩ
ኣቱም ሰባት ሓዲኡ እባ ግበሩ
መንእሰይ ኤርተራ ተመሊጡ ማእገሩ
ኣብ ክንዲ መጻሕፍቲ ብረት ኮይኑ ፆሩ
ወላዲ ብሰንኪ ብኽያት ኣዒነቱ ዓዊሩ
ፍርሒ በርቲዒዎ ከይዛረብ ደፊሩ

<u>ሰብ ዶ የለይ</u> ሓደ በዓል ሓሞት
ዝሰምዕ እዝኒ ዝፈርድ ኣንደበት
ዝፈሰሰ ደም ዘተሰብረ ዓፅሚ

ይኣክል ካብ ሎሚ
ኢሉ ብኣወጅ ዝድምድም
ኣብ ክንዲ ቅርሒንቲ ንሰላም ዘቑድም?።

ህዝቢ ኣንፀርፂሩ በዚሕዎ መከራ
ሰሪሑ ከይነብር  ከይበልዕ እንጀራ
ዝተረፈት ሂወቱ ብፍርሒ ተወጢራ
ኣይትበሉ እዛ እምባይ መን ይሰግራ
እዋን ዝሓለፎ እዩ ናይ ዓያሹ ፈኸራ።

ፍታሕ ሲኢኑ መሪሩዎ ከርተት
ሓቂ ጠፊኣ ናበይ ከምዝኸደት
ንብዓቱ ዝሕብስ ኣጆኻ ዝብል
<u>ሰብ ዶ የለይ</u> ዓገብ ዝብል
ህዝቢ ክውፃዕ ፍርዲ ክጓደል።

ሰብ ዶ የለይ ኣውያት ዝሰምዕ
ናይቲ ገባር ናይቲ ውፁዕ
ንብዓቱ ዝሕብስ ንጨካን ዝቑፅዕ።

ሰብ ዶ የለይ ነገራት ዝኣሊ
ዓገብ ዝብል ንበዳሊ
ዝተበኣሱ ዝዓርኽ ሰላም ዝፈጥር
ንግላዊ ጥቕሙ ዘየዋጥጥ ነገር።
ሰብ ዶ የለይ ሓያል መራሒ
ቆራፅ በዓል ሓሞት ንዝብድሉ ገናሒ
ሰብ ዶ የለይ ይኣክል ዝብል
ህዝቢ  ከንፀርፅር በዚሒዎ በደል።

እንትርፊ ጉርብትና የብልናን ዝምድና
ካብ ቀደም ጀሚሩ ንሕና ፍሉያት ኢና
ዝብሉ መራሕቲ ብእዝኒ ሰሚዕና
<u>ገሪሙናስ ሰብ ዶ የለይ ኢልና።</u>